# ዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

# ኣብ ፌደረሽን ሩስያ



*ነስረዲን ዓብዱራሕማን*

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ካብ 30 ግንቦት ክሳብ 3 ሰነ 2023 ኣብ ሩስያ ወግዓዊ ምብጻሕ ምፍጻሙ ዝፍለጥ እዩ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ “ሰላም፡ ጸጥታን ልምዓትን” ብዝብል ቴማ ካብ 27 ክሳብ 28 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ካልኣይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን ንኽሳተፍ ፕረዚደንት ፑቲን ብዝገበረሉ ወግዓዊ ዕድመ መሰረት'ዩ ናብ ሩስያ ተበጊሱ። ረቡዕ 26 ሓምለ ሰዓት 7 ንግሆ ካብ ኣስመራ ነቒሉ ድማ፡ ድሕሪ ናይ 8 ሰዓታት በረራ፡ ሰዓት 3፡00 ድሕሪ-ቐትሪ፡ ኣብ'ታ ካልኣይቲ ዝዓበየት ከተማ ሩስያ ዝኾነት፡ 2ይ ዋዕላ ሩስያን ኣፍሪቃን ዘአንገደት ከተማ ሰይንት-ፒተርስበርግ ኣትዩ። ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ'ውን ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሓቢሩ ተጓዒዙ። ቀዳማይ ዋዕላ ሩስያ-ኣፍሪቃ ካብ 23 ክሳብ 24 ጥቅምቲ 2019 ኣብ ከተማ ሶቺ - ሩስያ ከምዝተኻየደ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ ሰይንት ፒተርስበርግ ዝተኻየደ ካልኣይ ዋዕላ 49 ሃገራት ኣፍሪቃ፡ 17 ካብኣተን ብደረጃ መራሕቲ ሃገራት፡ 4 ድማ ብደረጃ መራሕቲ መንግስታት ተሳቲፈን።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ሩስያ ኣብ ዝኣተወሉ ቀዳማይ ዕለት ኣብ ሰዓታት ምሸት ምስ ሚስተር ኢጐር ለቪቲን - ተሓጋጋዚ ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ተራኺቡ ተዘራሪቡ። እቲ ርክብ፡ ብቐንዱ ኣብ ዝምድና ኤርትራን ፌደረሽን ሩስያን መጻኢ ኣመታቱን ዝቐንዐ እዩ ነይሩ። ሩስያ ንሃገራት ኣፍሪቃ ክጠቅም ብዝኽእል ዓይነታት ምህርቲ ሃብታም'ኳ እንተኾነት፡ ምስዚ ዘሎ ኩነታት ንሰደድ ክበቅዕ ናይ መሳለጥያታት ጸገም

ስለዘሎ፡ ኤርትራ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ክህልዋ ኣብ ዝኽእል ኣበርክቶ እውን ዘትዮም። ኣብ'ቲ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ፌደረሽን ሩስያ ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይን ዝተሳተፍዎ ርክብ፡ ነቲ መደብ ንምትግባር ዘሎ ተኽእሎታት ንምድህሳስ፡ ብመገዲ ሚኒስትሪታት ጉዳያት ወጻኢ ቀጻሊ ዝርርብ ክምዘድሊ ተረዳዲኦም። ሓሙስ 27 ሓምለ ሰዓት 11 ቅድሚ ቀትሪ፡ 2ይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን ብወግዒ ተኸፊቱ። ፕረዚደንት ቭላዲሚር ፑቲን ኣብ ዘስመዖ መኽፈቲ ቃል፡ ኣፍሪቃ ብእትውንኖ ጸጋታት ኣብ ፖለቲካን ቁጠባን ዓለም ዘለዋ ኣገዳስነት ልዑል ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ሩስያን ኣፍሪቃን ንሓቀኛ ልኡላውነት ደው ክብላ፡ ኣብ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላውን ካልእ መዳያትን ናይ ገዛእ ርእሰን ፍሉይ ልምዓታዊ መንገዲ ክኽተላ መሰል ክምዘለወንን ባህርያዊ ተወፋይነት ከምዝካፈላን ብሰፊሑ ኣብሪሁ። እዚ ባህጊ ናጽነትን ልኡላውነትን ነብስኻ ምንጻል ማለት ከም ዘይኮነ ብምሕባር ከኣ፡ መንግስቲ ሩስያ ምስቶም ማዕረ ዝኾኑን ተመሳሳሊ መሰል ዘለዎምን ሓራ ኣህዛብን መንግስታትን ንምትሕብባር ድሉው ምዃኑ ኣረጋጊጹ። ፕረዚደንት ፑቲን ወሲኹ፤ "ኣብ ብዙሓት ዞባታት ኣፍሪቃ ዘሎ ኩነታት፡ ሕጂ'ውን ርጉእ ከምዘይኰነ ክንእመን ይግባእ። ዓሌታዊ ግርጭታት ኣይተፈትሐን፡ ጽዑቕ ፖለቲካውን ማሕበረ-ቁጠባውን ቅልውላዋት ድማ ይቕጽል ኣሎ። እዚ ብርግጽ ከቢድ ውርሻ ናይቲ ሃገራት ምዕራብ ኣብ ኣፍሪቃ ዝኽተልኦ ዝነበራ ፖሊሲ 'ከፋፊልካ ግዛእ' እዩ" ኢሉ። ኣብ መደምደምታ ፕረዚደንት ፑቲን፡ ሩስያ ምስ ኣፍሪቃውያን ብሓባር ንቕድሚት ዝጥምት ራእይ፡ ሓቀኛ ስትራተጂካዊ ምትሕግጋዝን ሽርክነትን ንምስፋን ተወፋይነትን ቅንዕናን ከምዘለዋ ኣስሚሩሉ። ምስ ነፍሲ-ወከፍ ሃገርን ብሓፈሻ ብደረጃ ኣህጉርን ዘለዎም ዝምድና ዓቢ ግምት ዝህብዎ ብምሕባር ከኣ፡ እዚ ዝምድናታት ኣብታ ትቕልቀል ዘላ ብዙሕ-ቀጽራዊት ዓለም ብሩህ መጻኢ ከምዘለዎ ከምዝተኣማመን ገሊጹ።

ርክብ ቅድሚ ቐትሪ 2ይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን ድሕሪ ምዝዛሙ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምስ ሚኒስተር ሳይንስን ላዕለዋይ ትምህርቲን ፌደረሽን ሩስያ ዶክተር ቫለሪ ፋልኮቭ ተራኺቡ፡ ኣብ መደባት ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ተዘራሪቦ። ኣብ'ቲ ርክብ፡ ሚኒስተር ቫለሪ፡ ብመሰረት'ቲ ኣብ 2018 ዝተበጽሐ ክልተኣዊ ስምምዕ፡ ኣብ ዓውድታት ስነ-ፍልጠት፡ ጥዕና፡ ሕርሻ፡ ቴክኖሎጂን ካልእን በብእዋኑ ዕድላት ማህደረ-ትምህርቲ ክወሃብ ከምዝጸንሐ፡ ነዚ ንምሕዳስን ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክብ ንምባልን ድማ፡ መንግስቲ ሩስያ ድልው ምዃኑ ኣረጋጊጹ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብወገኑ፡

ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ መሰረት ምዕባለን ዕብየትን ስለዝዀነ፡ ኣገልግሎት ትምህርቲ ናብ ኩሉ ምብጻሕ መሰረታዊ ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ከምዝዀነ ብምግላጽ፡ ኣብ ዕድላት ትምህርቲ ከይተሓጽረ፡ ዝለዓለ ወጻኢታት ብምግባር፡ ዓቕሚ-ሰብ ብዓይነትን ብዝሒን ንምምዕባል ቀዳምነት ሂቡ ይሰርሕ ከምዘሎ ኣረጋጊጹ። ነቲ ኣብ'ዚ ዓውዲ ዝግበር ምትሕግጋዝ ንምትግባርን ንምክትታልን፡ ካብ ክልቲኡ ወገናት ሓባራዊ ኰሚተ ክቐውም ድማ ተረዳዲኦም። ኣብ ሰዓታት ድሕሪ-ቐትሪ፡ ኣብ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን፡ ኣቦ-መንበር ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ፕረዚደንት ሕብረት ኮሞሮስ ኣዛሊ ኣሱማኒ፡ ብጹእ ወቅዱስ ፓትርያርክ ኪሪል ናይ ሞስኮን መላእ ሩስያን፡ ከምኡ ድማ ዲልማ ሩሰፍ ካብ 2011 ክሳብ 2016 ፕረዚደንት ብራዚል ነበርን ፕረዚደንት ባንክ ልምዓት ብሪክስ ኮይና ዝተመርጸትን መደረታት ድሕሪ ምስምዖም፡ ኣብ መዛዘሚ ፕረዚደንት ቭላዲሚር ፑቲን ንክብሪ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃን ካልኦት ተሳተፍቲን ናይ ድራር እንግዶት ገይሩ። ካልኣይ መዓልቲ ዋዕላ ሩስያ ኣፍሪቃ፡ ኣቐዲሙ ብዝወጸ መደብ መሰረት፡ መራሕቲ ተሳተፍቲ ሃገራት መደረ ዘስምዑሉ'ዩ ነይሩ። ፕረዚደንት ኢሰይያስ ኣፈወርቂ ድማ እዚ ዝስዕብ ቃል ኣስሚዑ፡- "ክቡር ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን! ንዝሃብካኒ ዕድል አመስግን። ዳርጋ ኹሉ መሰረታዊ ጉዳያት ናይ'ዚ ዋዕላ፡ ንፌደረሽን ሩስያን ኣህጉር ኣፍሪቃን ብዝምልከት፡ ቀዲሞምኒ ዝተዛረቡ ኣብ ዝሃብዎ መግለጺታት ተላዒሉ'ዩ። ኣተኩሮይ፡ ኣብቲ ሕጂ ብምምዃኻር እንገብሮ ዘለና መስርሕ፡ ምርድዳእ ምምዕባል ኣዝዩ ወሳኒ ምዃኑ ንምግላጽ እብ ካልኣይ ምዕራፍ ዋዕላ ሩስያን ኣፍሪቃን ኢና ዘለና።

እዚ ድማ ብናተይ ኣረኣእያ፡ ገለ ካብ መሰረታዊ ነገራት ናይዚ ስትራተጂያዊ ሽርክነት ኣጕሊሑን ኣማዕቢሉን'ዩ። እቲ ስትራተጂያዊ ሽርክነት ግን፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ንዓበይቲ ጉዳያት ክግምግም ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ሞንጎ ፌደረሽን ሩስያን ኣህጉርናን ንዘሎ ስትራተጂያዊ ሽርክነት ዝሕግዝ ሰነድ ንምድላው ዝድርኽ ኣገባብ ክቐውም እላቦ። እዚ ስትራተጂ'ዚ፡ ነቲ ክንሃንጾ ዝግባኣና ሽርክነት ሓፈሻዊ ቅርጺ ክሸውን ዘገድድ ኣይኮነን። ኣብ ውሽጢ'ዚ ስትራተጂ'ዚ፡ ኣብ ኩሉ ናይ ምትሕብባር መዳያት ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓውድን ኢንዱስትሪን ንዝካየዱ ጭቡጣት ፕሮጀክትታት ንምልላይን ሰነዳት ንምድላውን ዝያዳ ክንስጉም ኣለና። እዚ ጽላታውን ኢንዱስትርያውን ትልሚ፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ሰፊሕ ስትራተጂ፡ ንምውህሃድ ጸጋታት ክዓለዉ ዘለዎም ዝርዝራት ንምንጻር ዝሕግዝ እዩ። ብናተይ ኣረኣእያ፡ እዞም ፕሮጀክትታት ንሩስያ፡ ኣፍሪቃ፡ ቻይናን ካልኦት መሻርኽቲን ዋላ ካብ ኣፍሪቃ ወጻኢ — ላቲን ኣመሪካ፡ እስያ ክፉታት ክኾኑ የድሊ።

ንምትግባሮም ድማ፡ ምውህሃድ ጸጋታት ክሓትት'ዩ። እዛ ኣህጉር እዚኣ፡ ከምቲ ዝተባህለ፡ ብደረጃ ዓለም ልዕሊ 60 ሚእታዊት ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት እትውንን እያ። እዚ 60 ሚእታዊት ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ብደረጃ ጽላታውን ኢንዱስትርያውን ፕሮጀክትታት ክውደብ እንተኽኢሉ፡ ሽዑ ብዛዕባ እዞም ፕሮጀክትታት ንምትግባር ዝተወሰነ ግዜን ዘድሊ ጸጋታትን ክንዛረብ ንኽእል። ፌደረሽን ሩስያ ድማ፡ ነዚ ኣብ መንጎ ሩስያን ኣፍሪቃን ዘሎ ስትራተጂካዊ ሽርክነት ዘድሊ ደገፍ ንምሃብ ኩሉ ኢንዱስትርያዊ መሰረትን ቴክኖሎጅን ከም ዘለዋ እተኣማመን እየ። የቐንየለይ።




ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ኣብ መደረ ፕረዚደንት ኢሰይያስ ኣብ ዝሃቦ ርእይቶ፦ ምስ'ቲ ዝበልካዮ ምሉእ ብምሉእ እሰማማዕ'የ። ሎሚ ብዛዕባ ናይ ቀረባን ማእከላይን ግዜ እንተዘይሓሲብና፡ ሓቀኛ፡ እወታውን ኣድላዪን ውጽኢት ክንረክብ ኣጸጋሚ ክኸውን'ዩ። ስለዚ ከምዚ ዝበለ ኣልያታት ስትራተጂያዊ ሽርክነት ንምፍጣር ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር'ዩ። ከም ናይ ጐደና መብራህቲ፡ ኣንፈት ምንቅስቓስና ዘርእየና'ዩ። ብርግጽ ከቢድ ስራሕ'ዩ። ምስ ዓቕሚ ናይቶም ኣብ ካልኦት ዞባታት (ላቲን ኣመሪካ፡ እስያ) ዘለዉ መሻርኽትናን ፈተውትናን ክተነጻጽሮ እንተደሊኻ፡ ነዚ ባይታ ንምፍጣር ዝሕግዝ ዝበለጸ መድረኽ፡ ምስ ብሪክስ ምምኽኻር እዩ። ኣብዚ መሳርሕቲ ኣለዉና። ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ ስለዘሎ፡ ምስ መሻርኽትና ብሪክስ'ውን እማመታትኩም ንምልላይ ብሓባር ክንጽዕር ኢና።

ከምኡ'ውን፡ ብኸመይ ስትራተጂያዊ ሽርክነት ዝፈጥር ኣገባብ ክንምህዝ ከም እንኽእል ክንሓስብ ኣለና። እዚ ስራሕ'ዚ፡ ብፍላይ ብዓውድን ብሃገርን ከቢድ ስራሕ'ኳ እንተኾነ፡ ፍሉይ ውጽኢት ክንረክብ እንተደሊና፡ ሎሚ ክንሓስበሉ ኣለና። ምሳኻ እሰማማዕ'የ። ኣዝየ ኣመስግን። መራሕቲን ወከልቲን ኩለን ዝተሳተፋ ሃገራት መደረታት ድሕሪ ምስምዖም፡ ከም ውጽኢት 2ይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን፡ እዞም ዝስዕቡ ኣዋጃትን ስምምዓትን ተኸቲሞም፡

1. ኣዋጅ ካልኣይ ዋዕላ ሩስያን ኣፍሪቃን።

2. ኣዋጅ ካልኣይ ዋዕላ ሩስያን ኣፍሪቃን ንምክልኻል ውድድር ኣጽዋር ኣብ ጠፈር።

3. ኣዋጅ ካልኣይ ዋዕላ ሩስያን ኣፍሪቃን ንምትሕብባር ኣብ ዓውዲ ኣህጉራዊ ድሕነት ሓበሬታ።

4. ኣዋጅ ካልኣይ ዋዕላ ሩስያን ኣፍሪቃን ንምሕያል ምትሕብባር ኣብ ቃልሲ ኣንጻር ግብረሽበራ ።

5. ውጥን ስራሕ መድረኽ ምሕዝነት ሩስያን ኣፍሪቃን 2023—2026 ብተወሳኺ እዞም ዝስዕቡ ስምምዓት ተኸቲሞም።

6. ኣብ መንጎ መንግስቲ ፌደረሽን ሩስያን ኣብ መንጎ በይነ-መንግስታዊ በዓል-መዚ ንልምዓት (IGAD)ን ኣብ ንመሰረታዊ መትከላት ዝምድናን ምትሕግጋዝን ዝምልከት ስምምዕ።

7. ኣብ መንጎ መንግስቲ ፌደረሽን ሩስያን ቁጠባዊ ማሕበረሰብ ሃገራት ማእከላይ ኣፍሪቃን (ECCAS) ንመሰረታዊ መትከላት ዝምድናን ምትሕብባርን ዝምልከት ስምምዕ።

ጎድኒ ጎድኒ'ቲ ዋዕላ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲንን፡ ዓርቢ 28 ሓምለ ሰዓት 8፡00 ምሸት ክልተኣዊ ርክብ ኣካዪዶም። ኣብ'ቲ ርክብ፡ ኣብ ምምዕባል ዝምድና ኤርትራን ፌደረሽን ሩስያን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ክህሉ ዝግባእ ምትሕብባር፡ ከምኡ'ውን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ጉዳያት ብሰፊሑ ዘትዮም። ኣብ'ቲ ብወገን ኤርትራ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይን፡ ብወገን ፌደረሽን ሩስያ ድማ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሰርጌ ላቭሮቭ፡ ምክትል ሚስተር ጉዳያት ወጻኢ ሚስተር ቦግዳኖቭ፡ ኣፈኛ ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት ዲሚትሪ ፐስኮቭን ኣምባሳደር ኢጎር ሞዝጎን ዝተሳተፍዎ ርክብ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኵናት ሩስያን ዩክሬንን፡

ብኣመሪካ ዝምርሑ ሓይልታት ምዕራብ ንዩክሬን ገንሸል ብምግባር ንሩስያ ኣንበርኪኾም ዓብላልነቶም ንምርግጋጽ ዝኣወጅዎ፡ ኣብ መንጐ ምዕራብን ሩስያን ዝካየድ ዘሎ ኲናት ምኽኑ ብምንጻር፡ እንተኾነ ነቲ ብሕትመት ባጤራ ክድግፍዎ ዝሓሰቡ ዘለዉ ሰንከልከል ዝበለ ቍጠባኦም ኣዳኺሙ፡ ናብ ኣፈፌት ውድቀት ይወስዶም ከምዘሎ ገሊጹ።




ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣስዒቡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እትርከበን ዝተፈላለያ ሃገራት ዝብይንዎ ዘለዉ እገዳታት፡ መሳርሒ ናይ’ቲ ቁጠባዊ ዕብለላ ንምርግጋጽ ዝኽተልዎ ገባቲ ፖሊሲታት ከምዝኾነ ዝሓበረ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ህዝብታት ዓለም ካብ’ዚ እንኮ-ቐጽራዊ ገባቲ ስርዓት ንምግልጋል ኣብ ዝቃለሱሉ ዘለዉ እዋን፡ ሩስያ ምስ ሃገራት ኣፍሪቃን ካልኦትን . . . ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ፌደረሽን ሩስያ ተሓባቢራ፡ ነዚ ዝብድሀ ስትራተጂ ብምሕንጻጽ ግቡእ ተራኣ ክትጻወት ከምዝግባእ ኣገንዚቡ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብድሕሪ’ዚ፡ ኤርትራ ምስ ሩስያ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ክህሉ ንእትደልዮ ምትሕግጋዝ ብዝምልከት ናታ ውዱእ ስትራተጂያዊ ውጥን ከምዘለዋ ብምብራህ፡ ብፍላይ ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ኣበርቲዓ ከምእትጸቅጥ ኣረጋጊጹ። ፕረዚደንት ፑቲን ብወገኑ፡ ምስ ኤርትራ ንምትሕግጋዝን ብሽርክነት ንምስራሕን ብወገን ሃገሩ ንዘሎ ድልውነት ኣረጋጊጹ። ቀዳም 29 ሓምለ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትሪ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ‘ትካል ጽገናን ምሕዳስን ሄሊኮፕተራት ስፓርክ’ ዑደት ኣካዪዱ። ሓለፍትን ክኢላታትን ናይቲ ትካል ድማ፡ ብዛዕባ ንጥፈታት ናይ’ቲ ትካል ሰፊሕ መብርሂ ሂቦምዎ። ብድሕሪ’ዚ ፕረዚደንት ኢሳይያስ

ኣፈወርቂ፡ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ-ቐትሪ፡ ምስ ዲሚትሪ ሳቬሌቭ - ምክትል ኣቦ□መንበር ታሕተዋይ ባይቶ ሩስያ ማለት ‘ዱማ’ ተራኺቡ፡ ኣብ ምምዕባል ዝምድና ክልቲኣን ሃገራት ዘትዩ። ሚስተር ሳቬሌቭ፡ ንመርገጺ ኤርትራ ኣብ ኲናት ዩክሬን ብስም ባይቶ ‘ዱማ’ ድሕሪ ምምስጋን፡ ምስ ኤርትራ ዘሎ ዝምድና ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክብ ንምባሉ፡ ካብ ‘ዱማ’ ዝቼመ ጉጅለ ናብ ኤርትራ ምብጻሕ ክፍጽም መደብ ከምዘለዎም ገሊጹ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብወገኑ፡ ‘ዱማ’ ወሳኒ ኣካል መንግስቲ ብምዃኑ፡ ተራ ሩስያ ኣብ ዓለማዊ ጉዳያት ንምምእዛን ኣበርክቶኡ ክዓዝዝ ብምዝኻኻር፡ ናብ ኤርትራ ክበጽሑ ንዘለዎም መደብ ኤርትራ ብሓጐስ ከምእትቕበሎ ኣረጋጊጹ። ሰንበት 30 ሓምለ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቐትሪ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ብዝገበረሉ ዕድመ፡ ኣብ ሃገራዊ መዓልቲ ሓይሊ ባሕሪ ፌደረሽን ሩስያ ተሳቲፉ።

ኣብ’ቲ ኣብ ከተማ ሰይንት-ፒተርስበርግ ዝተኻየደ ጽንብል፡ 45 መራኽብ፡ ሳብማሪናትን ልዕሊ 3 ሽሕ ሰራዊትን ዝተሳተፍዎ፡ ንታሪኽን ዓቕሚን ሓይሊ ባሕሪ ሩስያ ዘንጸባርቕ ምርኢት ቀሪቡ። ምምስራት ሓይሊ ባሕሪ ሩስያ፡ ጻር ጴጥሮስ ቀዳማይ (ጴጥሮስ ዓቢ) ብ1696 ዘውዲ ኣብ ዝደፍኣሉ’ዩ ጀሚሩ። ጻር ጴጥሮስ ቀዳማይ ግዝኣቱ ከስፍሕ ስለዝዓለመ፡ ንደቡብን ንምዕራብን እናጠመተ፡ ሩስያ ሓይሊ ባሕሪ ከምዘድልያ ኣስተውዓለ። እዚ ድማ፡ ንንግድን ዳህሳስን ዕድላት ዝህብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንከም ኦቶማንን ሽወደናውያንን ዝኣመሰሉ ሓይልታት ንምብዳህ ዝዓለመ’ዩ ነይሩ። ጻር ጴጥሮስ ቀዳማይ፡ ሓይሊ ባሕሪ ምህናጽ ክጅምር ሃንቀውታ’ኳ እንተነበሮ፡ ናብ ወደባት እኹል መእተዊ ኣይነበሮን። ብ1696 ከኣ ኣዒንቱ ኣብ ባሕሪ ኣዞቭ ኣብ ዝርከብ ዕርዲ ኦቶማን ብምቕማጥ፡ ኣብ ቮሮነዝ ዝርከብ ትካል ስራሓት መራኽብ ‘ፍሎቲላ’ ክቐውም ኣዘዘ። እቲ ወፍሪ ኣይተዓወተን፡ ሓይሊ ባሕሪ ሩስያ ግን ተወሊዱ። ብዕድመ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን፡ ካብ 27-28 ሓምለ ኣብ ዝተቓንዐ ካልኣይ ዋዕላ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃን ሩስያን ንምስታፍ ብ26 ሓምለ ናብታ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኤውሮጳ እትርከብን ብቬኒስ ሰሜን እትፍለጥን ከተማ ሴይንት□ፒተርስበርግ ዘቕነዐ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ሰኑይ 1 ነሓሰ ሰዓት 7፡30 ምሸት ኣስመራ ኣትዩ።

*ሓዳስ ኤርትራ 3 ነሓሰ 2023*